# ጠቓሚ ሓበሬታ ንተጠቀምቲ

እዚ ሓበሬታዚ ብምንባብኩም ነመስግን። ሕቶ እንድሕር ሃልዩኩም ኣብ ቤት ፅሕፈትና ንዘለዉ ሰራሕተኛታት ምሕታት ትኽእሉ ኢኹም ። ምስጢርኩም ኩሉ ጊዜ ምስተሓለወ ኢዩ።

## ናይ ጉዳይኩም ተኸታታሊ ሹምን ናይ ሕክምናኹም ትልሚ

ናይ ጉዳይኩም ተኸታታሊ ሹም ብዛዕባኹም ናይ ዝከታተል ጉጅለ ኣባል ኢዩም። እዞም ሹም እዚኦም ምሳኹም ብቐረባ ብምርኻብ ናትኩም ናይ ኣእምሮ ጥዕና ንምምሕያሽ ኣበ ዝግበር ፃዕሪ ክግበር ዝግቦኦ ሓገዝ ኩሉ ዝተገበረ ምኟኑ የረጋግፁ ንኽግበር'ውን የተሓባብሩ።

ምስ ስድራኹም ፣ ምስ ተኸናኻኒኹም ወይ ድማ ምስ ጠበቓኹም ብዛዕባ ዘለኹሞ ኹነታትን እተደልይዎ ነገር ከምትመያየጥዎ ምስ ጉዳይኩም ተኸታታሊ ሹም'ውን ተመያየጡ።

ኣብ ፈለማ እዋን ዝሃብኩሞ ናይ ምርመራ መረዳእታ ብቐፃልነት ንዝወፅእ ናይ ሕክምናኹም ትልሚ ንኽሕግዝ ኣብቲ ክሊኒክ ተመዝጊቡ ተቐሚጡ ኣሎ። ብዛዕባ ናይ ሕክምናኹም ትልሚ ክትሓትዎ እትደልዩ ነገር ኩሉ ብነፃነት ምሕታት ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ጥዕናኹም ዝተረኸበ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ለውጢ እንድሕር ሃልዩ ምፍላጥ ጠቓሚ ኢዩ።

## መረዳእታ ብዛዕባ ምሃብ

ናይ ውልቅኹም መረዳእታ ወይ ድማ ብዛዕባ ዝግበረልኩም ክንክን፤

- ብብእዋኑ ንዝከታተሉኹም ናይ ውልቂ ሓኪምኩም፣
- ብፍቓድኩም ናይ ውልቂ መረዳእታ መውህቢ ቅጥዒ እንድሕር መሊእኹም፣
- ሓልሓሊፉ ዘጋጥም እንትኾነውን ብሕጋዊ ኣካል ኣድላይ እንድሕር ኮይኑ፣ ክወሃብ ይኽእል ኢዩ።

## ናይ ተጠቀምቲ ርኢቶ

ሕሙማት ወይ ድማ ጠየቕቲ ዝተዓዘብዎ ነገር ንኽነግሩና ብሓጎስ እንሕልዎ ነገር ኢዩ። ናይ ተጠቀምቲ ርወየት ዳህሰሳ ናይ ዘይምዕጋብ ወይ ድማ ናይ ምስግና ቅጥዕታት ምስዚ ናይ መረዳእታ ሰነድ'ዚ ተተሓሒዞም ተቐሚጦም ኣለዉ። እትህብዎ ናይ ዘይምዕጋብ ርኢቶ ብምስጢር ዝሕሎ ኢዩ። ናዓኹም ብዝኾነ መልክዕ ዝትንክፍ ነገር የለን። ምስጋናኹም ግና ነቶም ሰራሕተኛታት ክንገረልኩም ኢዩ ።

ዝተመልኡ ቅጥዕታት ኣብ NMAHS MH ግልጋሎት ኣብ ዘሎ ምስጢራዊ ናይ ተጠቀምቲ ናይ ሓሳብ መውሃቢ ሳፁን ምእታው ይከኣል ኢዩ። ብዛዕባ ዝሃብኩምዎ ርኢቶ እትሕልውዎ መልሲ እንድሕር ሃልዩ ኣድራሻኹምን ስልኪ ቁፅርኹምን መዝግቡ ።

ናይ ጉዳይኩም ተኸታታሊ ሹም ዘለኩም ፀገም ንምፍታሕ ወይድማ ንሕቶኹም መልሲ ንምሃብ ኩሉሻዕ ድልዊ ምኟኖም ኣይተረስዑ። ኣድራሽኦምን ስልኪ ቁፅሮምን ኣብ ካርዶም ተመልከቱ ። ንስኹም ካብ ሕማምኩም ንምድሓን ኣብትገብርዎ ፃዕሪ ኩሉሻዕ ምሳኹም ሓቢርና ክንሰርሕ ኢና ።

ብ Joondalup Consumers Group ሚያዝያ 2006 ተመሓይሹ ዝወፀ

(Tigrinya translation)